# ዜና ዕረፍትን ሓጺር ታሪክ ህይወትን ካሕሳይ በርሀ

ካሕሳይ በርሀ ኣብ ናይ ሙንስተር ዩኒቨርሲቲ ክሊኒክ ኣብ ሕክምና ድሕሪ ምፅንሑ ብዕለት 18፣ ወርሒ ዓሰርተ ሓደ፣ 2016 ብሞት ተፈልዩና።

ካሕሳይ በርሀ ካብ ወለዱ ኣይተ በርሀ ወልደማርያምን ወይዘሮ ወለተእዮሱስ ገብረህይወትን ብኣቋጻጽራ ኣውሮፓ ብዕለት 28 ወርሒ ክልተ 1948 ኣብ ሰለኽለኻ ተወሊዱ፡፡ ካሕሳይ ናይ ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቱ ኣብ ሰለኽለኻ ምስወደአ ኣብ ደሴ ናይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቱ ወዲኡ፤ ቀፂሉ ንሓደ ዓመት ኣብ ሰለኽለኻ ብመምህርነት ኣገልጊሉ፡፡

ካሕሳይ ብ 1975 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ናይ ካልኣይ ዓመት ናይ ኢኮኖሚክስ ትምህርቱ ኣቋሪፁ ሓደ ካብቶም ኣብ ደደቢት ብስም ተጋድሎ ሓርነት ህዝቢ ትግራይ ናይ ዕጥቂ ቃልሲ ዝጀመሩ 11 መናእሰይ ነይሩ፡፡
ኣብ ትግራይ ናይ ህወሓት ናይ ከተማ ስርዒት መተሓባበሪ ኮይሉ ብሓላፍነት ኣገልጊሉ፡፡ ኣብ ወፃኢ'ውን ኣብ ሶማሊያ፣ ጅቡትን ናይ ማእኸላይ ምብራቕ ሃገራትን ክሳብ 1979 እናሰርሐ ድሕሪ ምፅንሑ ካብ ፍርቂ 1979 ጀሚሩ ኣብ ጀርመን ናይ ህወሓትን ማሌሊትን ስራሕቲ የካይድ ነይሩ፡፡

ካሕሳይ ዴሞክራሲያዊ ኣሳራርሓ ብቃላት ጥራሕ እንተይኮነ ብተግባር ንኪፍፀም ይፅዕር ስለዝነበረ ንኣብነት ኣኼባ ፀዊዑ ባዕሉ ብኣባላት ከምዝምረፅ ንኪገብር ተነጊሩዎ ቅድሚ መረፃ መን ከምረፅ ከምዘለዎ ምውሳን ናይ ኣባላት መሰል ምጥሓስ ከምዝኾነ ገሊፁ፤ ተቓዊሙ፡፡ ከምኡ'ውን ናይ ኢትዮጵያ ሓድነት ዝሸርሽሩ ኣታሓሳስባታት ኣትሪሩ ይቃወም ነይሩ፡፡
ብዋናነት በዚ ምኽንያት ኣብ ወርሒ 10፣ 1988 ካሕሳይ ካብ ውድብ ንኪወፅእ ተወሲኑ፤ ኣብ ኣኼባ ዝተርኸቡ ኣባላት ናይ ካሕሳይ ምውፃእ ብሙሉእ ድመፂ ተቓዊሞም፤ ኣባላት ህወሓት ዝነበሩ ካብታ ውድብ ወፂኦም፡፡

ካሕሳይ ካብ መጀመሪያ 90 ታት ጀሚሩ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ጻደቃን ተክለማርያም ኣብ ሙንስተር እናነበረ ምስ ኩሎም ወገኑን ፈተውቱን ብሰላም፣ ስኒትን ኣብ ማሓበራዊ ስራሕቲ ብምስታፍን ይነብር ነይሩ፡፡

ካሕሳይ ካብ መንእሰይነቱ ጀሚሩ ውልቃዊ ጥቕሙ ገዲፉ ንህዝቢ ዝሓሸ ስርዓት ንኪህነፅ እንተተቓለሰውን ባዕሉ ናይ ዝመስረታን ዝተቓለሰላን ውድብ ግዳይ ካብ ምዄን ከምልጥ ኣይካኣለን፡፡ ካብ 30 ዓመታት ንላዕሊ ንዓዱ ኪምልስ ኣይካኣለን፤ ካሕሳይ ከይተወለከደት ዝተፈለያ ጓል ኣላቶ፤ ንሳውን ወሊዳ እያ፡፡ ካሕሳይን ጓሉን ብዓይኒ ተራኣእዮም ኣይፈልጡን፤ ጓሉውን ንስራሕ ኣብ ሃገራት ኣዕራብ ተሰዲዳ ትርከብ፡፡

ካሕሳይ ኣብ ዕለታዊ ርክባቱ ይኹን ኣብ ፖለቲካዊ ስራሕቱ ዕንስ፣ ሓይለ ቃል ዘይጥቀም ንኹሎም ሰባት ዘኽብርን ንዝኾነ ሰብ ዘየቕይምን ብጣዕሚ ቅኑዕ ሰብ ነይሩ፡፡

ካሓሳይ ብዙሕ ዘይዛረብ እንተነበረውን ንትውልዲ ዝማሓላለፉ ተመክሮታቱ፣ ስምዒታቱ፣ ትምኒታቱ፣ ድልየታቱን ሓሳባቱን ዝገለፀሉ መፅሓፍ ፅሒፉ እዩ፡፡ ስለዚ ካሕሳይ ድምፁውን እንተዘይተሰምዐ ምዝራብ ኪቕፅል እዩ፡፡

ኣብ ናይ መፅሓፉ ርእሲ „Ethiopia: democratization and Unity„ ግልፂ ዝኾኑ ናይ ካሕሳይ ዋና መልእኽትታት ህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓትን ሓድነት ኢትዮጵያን እዮም፡፡

ካሕሳይ ባናይ ባዓልቲ ቤቱ ውሳነ መሰረት ኣብ ዝተወለደሉ ዓዲ ኪቕበር እዩ፡፡

ንባዓልቲ ቤቱ ወይዘሮ ፃድቃን ተክለማርያም፣
ንጓሉ ወይዘሮ ኣፅብሀት ካሕሳይን ንኹለን ኣሓቱን ኣባላት ስድርኡን ፅንዓት ንምነይ!!!

እግዚኣብሄር ንቤተ ሰብ ካሕሳይ ፅንዓት ይሃቦም!

ንካሕሳይ ብህይወት ክሻዕዘለና ክንዝክሮ ኢና!!!

ኣዕርኽቲ ካሕሳይ በርሀ